**ጋዜጠኛ ሰናይ ገብረመድህን ዝተባህለ ኤርትራዊ**
**ካብ ዝብኢ ሃዲሙ ኣብ ቶኾላ ተዓቚቡ።**
02 የካቲት 2012

ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ን14 ዓመት ዝገልገለ ጋዜጠኛ ሰናይ ገብረመድህን ካብ ስርዓት ህግደፍ ሃዲሙ ኣብ ኢትዮጵያ ከምዝተዓቚበ ተፈሊጡ።

ጋዜጠኛ ሰናይ ብ 1998 ዓ.ም.ፈ. ብድሕሪቲ "ዶባዊ ጉናት" ኣብ መንጎ መራህቲ ወያኔን ህግደፍን ዝተባርዐ ኣዕናዊ ኲናት፣ ካብቶም ቀዳሞት ብመራሕቲ ወያኔ ብግፍዒ ካብ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ዝተጠረዙ ኤርትራውያን ሓደ ግዳይ እዩ። ሎሚ ከኣ ካብ ህግደፍ ሃዲሙ ኣብቶም ንነጻነት ስለዝመረጸ: ብግፍዒ መሰሉ ገፊፎም ንኤርትራ ዝጠረዝዎ መንግስቲ ወያኔ ተመሊሱ ሰሊሙ።

ጋዜጠኛ ሰናይ ኣብ ቴለቭዥን ኢትዮጵያ ከምዚ ክብል ገሊጹ:- "ማዕከናት ዜና ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ኤርትራ ንዘሎ መከራን ዕንወትን ከዊሉ፣ ንህዝቢ ዓለምን ኤርትራን ንምድንጋር ካብ ክዉንነት ዝርሓቐ ፕሮፓጋንዳ፣ ኣራርዩ ጥራይ እዩ ዝዝርግሕ"።

ንባህርያት ዲክታተርያዊ ስርዓት ህግደፍ ክገልጽ ከሎ ከኣ:- "ስርዓት ህግደፍ ናጽነት ምግላጽ ሓሳብን ፕረስን ከምዘየፍቅድን፡ ንኹሎም'ቶም ዲሞክራስያዊ ምህደራ ንክኽተል ክምዕድዎን ክነቕፉዎን ዝፍትኑ ሰበስልጣናት ህግደፍ ከኣ፣ መሳርሒ ወጻኢ ሃገራት ኢሉ: ብማእሰርቲ የሳቕዮም ኣሎ" ክብል ሓቢሩ።

ጋዜጠኛ ኣማኑኤል ማህደረ፣ ንስርዓት ህግደፍ ጠንጢኑ: ኣብቲ ካብ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብግፍዒ ዝጠረዞ መንግስቲ እንደገና ምስተዓቚበ፣ ንፍሽለት ስርዓት ህግደፍን ማዕከና ዜናታቱን ኣቃሊዑ።

ቪድዮ ንምስማዕ ኣብ http://www.youtube.com/watch?v=MzCBCopp6_0 ተኻታተሉ